# ምዕራፍ 9

| ካብ ሰነ ክሳብ ጥቅምቲ ዘለዉ ዝናብ ዝዘነበሎም ኣዋርሕ | |
|---|---|
| ሰነ | ●●●●●●●●● |
| ሓምለ | ●●●●●●●●●●●●● |
| ነሓሰ | ●●●●●●●●●●●●◖ |
| መስከረም | ●●●●●●●●◖ |
| ጥቅምቲ | ●●●●●● |
| ሕድሕድ ● ክልተ መዓልቲ ይውክል | |

# ኣተሓሕዛ መረዳእታ

## 9.1 ቀሊል ስእላዊ ግራፍ

ስእላዊ ግራፋት ዝተፈላለዩ መረዳእታታት ብቐሊሉ ንምርኣይ ይጠቕሙ።

### ንጥፈት 1

ስምኦን እንስሳ ዘቤት ዘለዉዎም መማህርቱ ድሕሪ ምፍላይ ነቲ ሓበሬታ ብመልክዕ ሰደቓ ኣቕሪቡ።

| ኣብ 3ይ ሀ እንስሳ ዘቤት ዘለዉዎም ተምሃሮ | | |
|---|---|---|
| ርግቢት | //// | 4 |
| ድሙ | ### /// | 8 |
| ከልቢ | ### ### // | 12 |

↳ ነዚ ሓበሬታ ሓደ ተምሃራይ ብ 🧍 ብምውካል ብስእላዊ ግራፍ ክርኢ ደልዩ።

1. ስምኦን ርግቢት ዘለዎም ተምሃሮ ብስእላዊ ግራፍ ክውክል እንተኾይኑ ክንደይ 🧍 ክስእል ይግባእ?

2. ድሙን ከልቢን ዘለዎም ተምሃሮ ብስእላዊ ግራፍ ንክውክል ክንደይ 🧍 ክስእል ይግባእ?

3. ስምኦን ዝኣከቦ ሓበሬታ ናብ ደፍተርኩም ብምቕዳሕ ነቲ ስእላዊ ግራፍ ምልኡ።

| በዝሒ ኣብ 3ይ ሀ እንስሳ ዘቤት ዘለዉዎም ተምሃሮ | |
|---|---|
| ርግቢት | 🧍 🧍 🧍 🧍 |
| ድሙ | |
| ከልቢ | |
| ሕድሕድ 🧍 ሓደ ተምሃራይ ይውክል | |

4. ስእላዊ ግራፍ ኣብ ዝሰኣለሉ እዋን ክልተ መፃሕፍቲ ብ 📖 ዝውከሉ እንተኾይኖም 10 መፃሕፍቲ ንምውካል ክንደይ 📖 ክንስእል ከምዝግባእ ተመያየጡ፡፡

5. ሓደ 📖 ዝውክሎ 2 መፃሕፍቲ እንተኾይኑ 1 መፅሓፍ ብኸመይ ክውክል ይኽኣል? ተመያየጡ፡፡

***ስእላዊ ግራፍ ንምስኣል ነዞም ዝስዕቡ መምርሒታት ተኸተሉ፡፡***

**ሀ.** ነቲ ሓበሬታ ዝውክል ስእሊ ምምራፅ፡፡

**ለ.** ሕድሕድ ሓበሬታ ብኽንደይ ስእሊ ክውከሉ ከምዝግባእ ምውሳን፡፡

**ሐ.** ነቲ ሓበሬታ ብስእሊ ምቕራብ፡፡

**መ.** ነቲ ስእላዊ ግራፍ ርእሲ ምሃብን ሓደ ስእሊ እንታይን ክንደይን ከምዝውክል ኣብ ትሕቲ እቲ ስእሊ ምግላፅን፡፡

## መልመጂ 1

1. ነዚ ተዋሂቡ ዘሎ ሰደቓ ብምርኣይ ኣብ ሕድሕድ ክፍሊ ዘሎ በዝሒ ቁመቶም ልዕሊ 130ሳ.ሜ ዝኾኑ ተምሃሮ ዘርኢ ስእላዊ ግራፍ ስርሑ፡፡
   - ንስእላዊ ግራፍኩም ርእሲ ምሃብ ኣይትረስዑ፡፡
   - እቲ ስእላዊ ግራፍ ብመልክዕ እዚ ዝስዕብ ኢኹም እትሰርሕዎ፡፡

| በዝሒ ቁመቶም ልዕሊ 130 ሳ.ሜ ዝኾኑ ተምሃሮ | | |
|---|---|---|
| 1ይ ክፍሊ | // | 2 |
| 2ይ ክፍሊ | //// | 4 |
| 3ይ ክፍሊ | ~~////~~ /// | 8 |
| 4ይ ክፍሊ | ~~////~~ / | 6 |
| 5ይ ክፍሊ | ~~////~~ //// | 9 |

| | |
|---|---|
| 1ይ ክፍሊ | 🕴 🕴 |
| 2ይ ክፍሊ | 🕴 ... |
| . | |
| . | |
| . | |
| ሕድሕድ 🕴 ሓደ ተምሃራይ ይውክል | |

2. ካብ መንጎ መማህርትኹም 5 ተምሃሮ ምረፁ:: ካብዞም 5 ተምሃሮ ኣብ እዋን ዕረፍቶም ስድርኦም ብስራሕ ንክንደይ ሰዓት ከምዝሕግዙ ሕተቱዎም:: እቲ ዝረኸብኩምዎ ሓበሬታ ዘርኢ ሰደቓ ስርሑ:: ቀፂልኩም ድማ ብስእላዊ ግራፍ ኣርእዩ::

**ዕዮ ጉጅለ**

ኣብ ክፍልኹም ዘለዉ ተምሃሮ ብኽልተ ጉጅለ ምቐሉ:: ነዞም ዝስዕቡ ሓበሬታታት ኣኪብኩም ሓበሬታኹም ብስእላዊ ግራፍ ኣርእዩ::

**ጉጅለ 1:-** ካብ ሙዝ፣ ኣራንሽን ማንጎን ኣብሊ.ያም ዝፈትውዎ ዓይነት ፍረምረ

**ጉጅለ 2:-** ካብ ኩዕሶ እግሪ፣ ኩዕሶ መርበብን ጉያን ኣብሊያም ዝፈትውዎ ዓይነት ስፖርት

## 9.2 ትንተና ቀሊል ስእላዊ ግራፍ

ስእላዊ ግራፍ ብምርኣይ ዝተፈላለዩ ሓበሬታታት ብቐሊሉ ምርካብ ይከኣል እዩ::

**ንጥፈት 2**

ኣሚና መማህርታ ዝፈትውዎ ዓይነት ፀወታ ዘርኢ ስእላዊ ግራፍ ከምዚ ዝስዕብ ኣቕሪባ::

| ተምሃሮ ዝፈትዉዎም ዓይነታት ፀወታ | |
|---|---|
| ፀወታ ኩዕሶ እግሪ | □□□□□□□ |
| ምዝማር መዝሙር | □□□□□□ |
| ሕብእ ሕብእይተይ | □□□ |
| ፀወታ ጭርደ | □□ |
| ዝላ ገመድ | □□□□ |
| ሕድሕድ □ ሓደ ተምሃራይ ይውክል | |

1. ሕድሕድ ዓይነት ፀወታ ብኽንደይ ተምሃሮ ተወኪሉ ኣሎ?
2. ብብዙሓት ተምሃሮ ዝፍቶ ዓይነት ፀወታ ኣየናይ እዩ?
3. ካብ ፀወታ ዝላ ገመድን ምዝማርን ዝበዝሐ ተምሃራይ ዝፈትዎ ኣየናይ ፀወታ እዩ?
4. ዝወሓደ ተምሃራይ ዝፈትዎ ዓይነት ፀወታ ኣየናይ እዩ?

## መልመጂ 2

1. መምህር ለተዝጉ ተምሃሮ ኣብ ክባቢ ቤት ትምህርቶም ዝተኸልዎ በዝሒ ፈልሲ ዘርኢ ስእላዊ ግራፍ ክምዚ ዝስዕብ ኣዳልየን፡፡

| በዝሒ ካብ ዓርቢ ክሳብ ሰንበት ዝተተኸለ ፈልሲ | |
|---|---|
| ዓርቢ | ▲▲▲▲ |
| ቀዳም | ▲▲▲▲▲▲▲▲▲ |
| ሰንበት | ▲▲▲▲▲▲ |
| ሕድ ሕድ ▲ ዓሰርተ ፈልሲታት ይውክል | |

ሀ. ብዙሕ ፈልሲ ዝተተኸለሉ መዓልቲ ኣየናይ እዩ?

ለ. ኣብ ሕድሕድ መዓልቲ ዝተተኸሉ ፈልስታት በዝሒ ክንደይ እዩ?

ሐ. ዝወሓደ በዝሒ ፈልሲ ዝተተተኸለሉ መዓልቲ ኣየናይ እዩ?

መ. በዝሒ ቀዳም ዝተተኸሉ ፈልስታት ዓርቢ ካብ ዝተተኸሉ ፈልስታት ብኽንደይ ይበልፅ?

ረ. ኣብ ሰለስቲኡ መዓልቲ ዝተተኸሉ ፈልስታት በዝሒ ክንደይ እዩ?

*ሰ. ዋጋ ሓደ ፈልሲ ክልተ ብርን ሓምሳ ሳንቲምን እንተኾይኑ ዋጋ ዓርቢ ዝተተኸሉ ፈልስታት ክንደይ እዩ?

2. እዚ ዝስዕብ ስእላዊ መግለፂ ኣብ ሓደ ከተማ ካብ ወርሒ ሰነ ክሳብ ወርሒ ጥቅምቲ ኣብ ሕድሕድ ወርሒ ዝናብ ዝዘነበሉ በዝሒ መዓልቲ የርኢ፡፡

| ካብ ሰነ ክሳብ ጥቅምቲ ዘለዉ ዝናብ ዝዘነበሎም ኣዋርሕ | |
|---|---|
| ሰነ | ●●●●●●●●● |
| ሓምለ | ●●●●●●●●●●●●● |
| ነሓሰ | ●●●●●●●●●●●●◖ |
| መስከረም | ●●●●●●●●◖ |
| ጥቅምቲ | ●●●●●● |
| ሕድሕድ ● ክልተ መዓልቲ ይውክል | |

ሀ. ሕድ ሕድ ◖ ክንደይ መዓልቲ ይውክል?

ለ. ኣብ ሕድሕድ ወርሒ በዝሒ ዝናብ ዝዘነበሉ መዓልቲ ክንደይ እዩ?

ሐ. ዝበዝሐ መዓልቲ ዝናብ ዝዘነበሉ ወርሒ ኣየናይ እዩ?

መ. ዝወሓደ መዓልቲ ዝናብ ዝዘነበሉ ወርሒ ኣየናይ እዩ?

ረ. ካብ ወርሒ ሰነን ነሓሰን ዝበዝሐ መዓልቲ ዝናብ ዝዘነበሉ ወርሒ ኣየናይ እዩ?

ሰ. ኣብ ሓሙሽተአን ኣዋርሕ ብሓፈሻ ንኽንደይ መዓልቲ ዝናብ ዘኒቡ?

## ዕዮ ጉጅለ

1. ቅድም ክብል ዝሰራሕኹምዎ ዕዮ ጉጅለ ምስቀረበ ክልቲኦም ጉጅለታት ዝሰርሑዎ ተቐያይርኩም እቲ ሓደ ጉጅለ ናይቲ ካልእ ጉጅለ ዘቕረቦ ሓበሬታ መዝጊብኩም ናብ ክፍሊ ኣቕርቡ፡፡
2. ብዛዕባ ጥቕሚ ስእላዊ ግራፍ በቢጉጅለ ተመያይጥኩም ናብ ክፍሊ ኣቕርቡ፡፡

© MoE, FDRE Not to be reproduced